አውያት ናይ ጭፍራ ህግደፍ ገሪሙና
ንመንግስቲ ጀርመን ኢድኩም ኣክቡልና
ንሕና ከኣ ንፓርላማ ጀርመን የቀንየልና
ንደመኛ ህዝቢ ጥራዩ ኣውጺእኩምልና‘‘




ኢሱ ኣብ ጀርመን ተበሊሉ ሽሙ
ኢሱ ኢድኩም ኣክቡልና ደጋጊሙ
ክልተ ካብ ሚእቲ ከይጎድሎ ሐሚሙ
ቃልሲ ደለይቲ ፍትሒ ዕላሙኡ ሃሪሙ‘‘

(ንባይቶ ጀርመን የቀንየልና ንብል)
(Vielen dank=für bundestag)

ጉዱ ተቀሊዑ መራሒ ጭፍራ ሕልኩስ
ሐሳዊን ቆርበትን እንዳ ሐደረ ይፍኩስ
ጉዱ ተቀሊዑ ናይ ኢትዮጳያ ጀሱስ))

ህዝቢ ባርነት ህግደፍ መሪርዎ
እንበር ሃብታም ዩ ወርቂ ብሻ ኣለዎ
ብሐይሉ እንበር መን መሪጽዎ
ሽግር ኤርትራዊያን ካብ ፈለጥክምዎ
ወኪል ህዝቢ ኤርትራ ኣይኮንካን በልዎ‘‘

ናይ ዓቅሊ ጽበት ቀልባዕባዕ
ሕጂ ኣይኮነን ንብዓት ሐርገጽ ምንባዕ
ብቃልስና ኣራጋጊጽናዮ ምኽንካ ከዳዕ
ደገም የለን መናዚዕካ ምብላዕ
ኣታ ህዝቢ ምኽሪ ደለይቲ ፍትሒ ስማዕ‘‘

(ንባይቶ ጀርመን የቀንየልና ንብል)
(Vielen dank=für bundestag)

ኣታ ህዝቢ ንበለጽ ኣልግሶ
እንታይ ገደሸንን ንፍርሕን ጠሓሶ
ንቂመኛ ኢደይ ኢድካ ኢልና ክነፍርሶ
ንገብን ዘብሉ ንዓዱ ምለሶ ምለሶ
ፍትሒ ነጊሱ ኢሉ የለን ዝመልሶ‘‘

ክንደይ ጺዒርና ናብዚ ንምብጻሕ
ኣታ ህዝቢ ምስ ደለይቲ ፍትሒ ስራሕ
ቀሪቡ እዩ ጉጅለ ህግደፍ ክብል ፋሕ
ቆንስልን ምስሌነን ክዕጾ እዩ ጽባሕ‘‘

(ንባይቶ ጀርመን የቀንየልና ንብል)
(Vielen dank=für bundestag)

ንዓድኻ ከይምልስኻ ኣይትፍራሕ
መንግስቲ ጀርመን ምስ ወግሐ ጽባሕ
ኣብ ቅዋማዊት ኤርትራ የድልዮም ስራሕ
ፈታዊ ነብሱ ኣይትኹን ኣብ መቑሕ
ዝገደፍካዮ መተዓቢቲ ሓውኻ ክፍታሕ‘‘

ብናይ ሓባር ጭርሖ
ሓቢርና ክንፍንጥሖ
ጉጅለ ህግደፍ ካብ ሱሩ ክምሖ‘‘

(ንባይቶ ጀርመን የቀንየልና ንብል)
(Vielen dank=für bundestag)

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ‘ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና‘ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን‘ካብ ዉሽጢ ሑሩር‘ኣባል ተሐኤ በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን።